# ብዛዕባ’ቲ ኣንጻር ኮቪድ-19 ዚወሃብ ክታበት



ኮቪድ ሓደ ሕማም ከስዕበልና ዚኽእል ቪሩስ እዩ።

መብዛሕትኦም ሰባት ብኸቢድ ኣይሓሙን እዮም፥
ገለ ሰባት ግን ኣዝዮም ብጽኑዕ ክሓሙ ይኽእሉ’ዮም።



መታን ብሕማም ከይትጥቃዕ፡ ኣንጻር’ዚ ኮቪድ-ቪሩስ ክታበት
ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።

ክታበት፡ ኣካላትካ በቲ ቪሩስ ብጽኑዕ ንኸይትሓምም ዚገብር እዩ።

ብዙሓት ሰባት ነዚ ክታበት’ዚ እንተ ደኣ ወሲዶሞ፥
ናይቲ ቪሩስ ምስፍሕፋሕ ውን ደው ኪብል’ዩ።



እቲ ክታበት ኣብ ነንበይኖም ብዙሓት ሰባት ከም ዚፍተን ተጌሩ’ዩ።

ስለዚ ድማ ውሑስ መድሃኒት ምኳኑ ፈሊጥና ኣሎና፥
ንኽትወስዶ ውን ሓደገኛ ኣይኮነን።



ዳርጋ ኵሎም በጽሒታት ነቲ ክታበት ክወስድዎ ይኽእሉ እዮም።

እቶም ኣዝዮም ብጽኑዕ ንኽሓሙ ኣብ ሓደጋ ዘሎዉ ሰባት፥
ንዕኦም ብቐዳምነት ክወሃቦም’ዩ።

För info om symbollicenser: www.vgregion.se/ov/dart/licenser/
Detta bildstöd är skapat via www.bildstod.se av Dart kommunikations– och dataresurscenter,
Sahlgrenska Universitetssjukhuset

Region Stockholm



ክታበት ክትወስድ ምስ ትደሊ፡ ናብ ሓንቲ ነርስ ኬድካ ኢኻ ትገብሮ።

ሓንቲ ክታበት ኣብ ኢድካ፡ ሓደ ጊዜ ወይ ደጋጊምካ ትውጋእ።



እቲ ክታበት ብነጻ ስለ ዝኾነ፡ ገንዘብ ምኽፋል ኣየድልየካን'ዩ።



ዋላኳ ክታበት እንተ ወሰድካ፡ ክትቅጽሎም ዚግብኣካ ነገራት፡-

- ኣእዳውካ ተሓጸብ
- ርሕቀትካ ሓሉ
- እንተ ደኣ ሓሚምካ፡
  ንኻልኦት መታን ከይተልግበሎም ኣብ ገዛኻ ጽናሕ



ክታበት ንምውሳድ ንስኻ(ኺ) ባዕልኻ ኢኻ ትውስን።

ቅድሚ ንኽትክተብ ምውሳንካ፡ ብዝያዳ ክትፈልጦ ትድሊ
ነገራት ምስ ዚህሉ፥ ሓበሬታ ኣብ 1177 Vårdguiden፡
ኣብ Folkhälsomyndigheten ከምኡ ውን
ኣብ Läkemedelsverket ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

För info om symbollicenser: www.vgregion.se/ov/dart/licenser/
Detta bildstöd är skapat via www.bildstod.se av Dart kommunikations– och dataresurscenter,
Sahlgrenska Universitetssjukhuset

Region Stockholm